# ናይ ወላዲ መምርሒ
# ንናይ ዉሉድካ መጥባሕቲ/መስርሕ ምድላው
# A Parent's Guide
# Preparing for Your Child's Surgery/Procedure (Tigrigna)

**እንቋዕ** ናብናይ ስዌዲሽ ናይ ሕኽምና ማእከል (Swedish Medical Center) ብደሓን መጻእኩም። ነዓኻን ንዉሉድካን ነቲ ዝበለጸ ዘሎ ክንክን ንክንህበኩም ንጽበ። ናህና ዕላማ ኣብ Swedish ዝህልወኩም ተሞክሮ ኣብ ኩሉ መዳያት ጽቡቕ ንክኾነልኩም ምርኣይ እዩ።

## መጥባሕትኻ/መስርሕካ ንክትገብር እዚ ዝስዕብ ቆጸራ ተገይሩልካ ኣሎ፤

| | | |
|---|---|---|
| ☐ | Ballard (ባላርድ) ካምፓስ | 206-781-6245 |
| ☐ | Cherry Hill (ቸሪ ሂል) ካምፓስ | 206-215-3200 |
| ☐ | First Hill (ፈርስት ሂል) ካምፓስ | 206-215-3200 |
| ☐ | ናይ Orthopedic (እግሪ ሕክምና) ኢንስቲቱት | 206-215-3200 |
| ☐ | Issaquah (ኢሳቅ) ካምፓስ | 425-313-5330 |

*ንኩሎም ካምፓሳት ብናጻ መደወሊ* *1-866-851-5111*

## ንናይ ዉሉድካ መጥባሕቲ/መስርሕ ንምድላው ነዞም ዝስዕቡ ስጉምትታት ውሰድ፤

1. ናብቲ ኣብ ላዕሊ ተሰምዩ ዘሎ ቦታ ዝርከብ ናይ Swedish Medical Center ነዞም ዝስዕቡ ምኽንያታት ደውል፤
   - ንናይ ዉሉድካ ቆጸራ ኣብቲ ሆስፒታል ንኽትምዝገብ
   - ቅድሚ ምእታው**ግድን ክግበር ዘለዎ** ናይ ቴሌፎን ቆጸራ ንምሓዝ።

   ቆጸራኻ ንኽትምዝግብን ንኽትሕዝን 15 ደቂቕ ዝኸውን ግዜ ሃብ። ናይ ዉሉድካ ናይ መድሕን ካርድ ቀሪብካዮ ጽናሕ።
2. ካብ Swedish ናይ ቴሌፎን መልእኽቲ እንተ ረኺብካ፣ በቲ ኣብቲ መልእኽቲ ዝተገድፈልካ ናይ ቁጽሪ ስልኪ ጌርካ ብቕልጡፍ መሊስካ ደውል።
3. ሓንሳብ ናይ ውሉድካ ቆጸራ ብርግጽ ከም ዝተታሕዘ ምስ ኣረጋገጽካ፣ ፍቓድ ከምዝተዋህበ ንምርግጋጽ ናብ ናይ መድሕን ኩባንያኻ ደውል።
4. ነዚ ሰነድ ተጠንቂቕካ ኣንብቦ፣ ብፍላይ ከኣ ነቲ ቅድመ-መጥባሕቲ ክትክተሎ ዘሎካ ናይ መግቢን ናይ ሕክምና መምርሕታት ከኣ ምሉእ ኣቓልቦ ሃበሉ።

## ኣገዳሲ ፋይናንሳዊ ሓበሬታ

ነዞም ዝስዕቡ ንምርግጋጽ ናብ ናይ መድሕን ኩባንያኻ ምድዋል ናትካ ሓላፍነት እዩ፤

- ሓኪምካ ነቲ ናይ ሞያኡን ናይ ሆስፒታል ክፍሊት ዝኸውን ክፍሊት ንክውሃቦ ፈቓድ ረኺቡ እዩ
- ናይ ዉሉድካ ናይ መድሕን ክፍሊት ዘለዎ ደረትን ዝኾኑ ንስኻ ባዕልኻ ክትከፍሎም እትሕተቶ፣ ሽፉን-ዘይግበረሎም ክፍሊታት ኣየኖት ምዃኖም ትፈልጥ ኢኻ

ብዛዕባ ዝኸፈል ወይ ናይ መጥባሕቲ ዋጋታት ሕቶ እንተሎካ መልሲ ንምርካብ ናብ 206-320-5300 ክትድውል ትኽእል ኢኻ።

## ምስቲ ቅድመ-ምእታው ክሊኒክ እትገብሮ ናይ ስልኪ ቆጸራ
***(ክሳዕ 30 ደቓይቕ ዝኸውን ግዜ ሃብ)***

ዕለት፤ ____________ ግዜ፤ ____________

ናብዚ ቆጸራ ነዞም ዝስዕቡ ነገራት ምሳኻ ሒዝካ ተቐረብ፤

- ደቅኻ ኣብዚ ሕጂ እዋን ናይ ዝወስዱዎ መድሃኒታት ዝርዝር
- ናይ ስድራ ቤትካ ሐኪም ስምን ቁጽሪ ስልኪን
- ዉሉድካ ቅድሚ ሕጂ ናይ ዝገበሮም መጥባሕትታትን ኣብዚ እዋን ዘለዉዎ ጸገማትን ናይ ልቢ መርመራ ምስ ዝገበረ ናይ ዝተራእዩ ዝኾኑ ጸገማትን

## ኣብ ናይ ዉሉድካ መጥባሕቲ/መስርሕ መዓስ ክትርከብ ከምዘሎካ

ዕለት፤ ____________ ግዜ፤ ____________

## ቅድመ_መጥባሕቲ ክብላዕ ብዛዕባ ዘሎ መምርሒታት፤

ዉሉደይ መወዳእታ ፈሳሲ ዘይኮነ መግቢ ክበልዓሉ ዝኽእል ግዜ፤ ____________

ዉሉደይ መወዳእታ ፎሩምላ ጸባ ወይ ከም ማይ ንጹር ዘይኮነ ፈሳሲ ክሰትየሉ ዝኽእል ግዜ፤ ____________

ዉሉደይ መወዳእታ ናይ ጡብ ኣዲኡ ክጠቡ ዝኽእለሉ ግዜ፤ ____________

ዉሉደይ መወዳእታ ከም ማይ ንጹር ዝኾኑ ፈሰስቲ ክሰቲ ዝኽእለሉ ግዜ፤ ____________

*ናብ ነፍሲ-ወከፍ ካምፓስን ናይ ፓርኪንግ ቦታን ከመይ ከም እትኸይድ መሓበሪ ካርታን መምርሒታትን ኣብቲ ሰነድ ኣሎ። ቅድሚ መጥባሕቲ ምግባርካን ንመጥባሕቲ/መስርሕ ናይ እታኣትወሉ ቦታ ኣብቲ ካርታ ብዝርዝር ወጺኡ ኣሎ።*

***ተወሳኺ ሓበሬታ ንምርካብ፣ ኣብ www.swedish.org ተመልከት እሞ፣ ኣብ ትሕቲ "Health & Patient Services > Patient & Visitor Information" ዝብል ተመልከት።***

*ብዛዕባ ናይ ተሐካሚ መሰላትን ሓላፍነታትን ሐበሬታ ንምርካብ፣ ኣብ www.swedish.org/patients-rights-responsibilities ተመልከት።*

SWEDISH
PEDIATRICS
Extraordinary care. Extraordinary caring.℠

# መጥባሕቲ ወይ መስርሕን ዉሉድካን

ኣብ Swedish ፣ እቲ መጥባሕቲ ንቀለውዕ ዘሰምብድ ክኸውን ከምዝኽእል ንርዳእ ኢና። በዚ ምኽንያት እዩ ነቲ ኣጠቓላሊ መስርሕ፣ ብዝተኻእለ መጠን ኣዎንታዊ ንኽንገብሮ ንጽዕር። ዉሉድካ ኣዝዩ ብሞይኡ ብሉጽ ስልጠና ብዝረኸበን በቲ ዝለዓለ ናይ ሕክምና ቴክኖሎጂ ንክንክን ከምዝረክብ ብርግጽ ክትፈልጡ ይግባእ — ኩሉ ኸኣ ንቀለውዕ ባህ ኣብ ዘብል ከባቢ።

**ነቲ ናይ ዉሉድካ መስርሕ ኣብ ምድላው፣ ነዚ ሰነድ እንቢብካ፣ ኣብኡ ንዝርከብ መምርሒታት ብምስዓብ ናይ መዳለዊ ሓገዝ ክትረክብ ትኽእል ኢኻ።**

- ተሞኩሮ ናይቲ ሆስፒታል ኣብቲ ቅድሚ-ምእታውካ እትገብሮ ቆጸራ እዩ ዝጅምር። ነዚ **ግድን ክግበር ዘለዎ** ናይ ስልኪ ቃለ መጠይቅ ንምግባር ናብቲ ሆስፒታል ደውል። ኣብዚ እዋን ናይ ስልኪ ምድውዋል፣ እታ ነርስ ነቲ ናይ ዉሉድካ ናይ ሆስፒታል ቻርት ንምምላእ ዘድልዩ ሕቶታት ክትሓተካ፣ እንታይ ከምዚጋጥመካ ክትገልጸልካን ዝኾነ ሕቶ እንተሎካ ክትምልሰልካን እያ። ኣብቲ እዋን ቃለ መጠይቅ ንመድሃኒታት ናይ ዉሉድካ ምሳኻ ሒዝካ ምጻእ።
- ምስቲ ሆስፒታል ተላሚድካ ምጽናሕ ነዓኻን ነቲ ዉሉድካን፣ ኣብቲ እዋን ናይ መጥባሕቲ መዓልቲ ክህሉ ንዝኽእል ጭንቀት ይንኪ እዩ። ናይ መጥባሕቲን ናይ ቀለውዕ ሕክምና ቦታታት ዑደት ካብ ሰኑይ ክሳዕ ዓርቢ ይካየድ እዩ። ቆጸራ ክትገብር እንተደሊኻ ናብቲ ናይ ህይወት ቀለውዕ ኪኢላ ብቁጽሪ 206-386-6283 ደውል።
- ኣብቲ ዉሉድካ ነቲ መስርሕ ዝገብረሉ መዓልቲ፣ ምስቲ ኣነስተዚዮሎጂስት ተራኺብካ ናይ ፈቓድ ቅጺ ንክፍትፍርም ክትሕተት ኢኻ። **ንዝኾነ ትሕቲ 18 ዓመቱ ተሐካሚ፣ ኣብቲ መስርሕ ዝግበረሉ መዓልቲ ወላዲ ወይ ሕጋዊ ናይ ምዕባይ ሓላፍነት ዘለዎ ሰብ ክህሉ ይግባእ።** ግዝያዊ ናይ ምዕባይ ሓላፍነት እንተ ተዋሂቡ፣ ሕጋዊ ናይ ምዕባይ መሰል ናይ ዝተዋህበሉ ወረቐት መረጋገጺ ከቕርብ ይግባእ።
- ኣብቲ ከም ተሓካሚ መጺኡ ንዘሎ ዉሉድካ ንምድሃብ ምእንቲ ክሕግዘካ፣ ነቶም ካልኦት ደቕኻ ክሕዘልካ ዝኽእል ሰብ ንኽተዳሉ ንተባብዓካ። **ኣሕዋት ናይቲ ተሓካሚ ኣብቲ ናይ መጥባሕቲ ዝግበረሉ ከባቢ ወይ ናይ መጥባሕቲ ናይ መጻወቲ ክፍሊ ክህልዉ ኣይፍቀደሎምን እዩ።** ዝበዝሑ ወለዲ፣ እቲ መስርሕ ኣብ ዝካየደሉ እዋን፣ ብዝተኻእለ መጠን ንዝነውሐ ጊዜ ምስ ዉሉዶም ንክጸንሑ ይደልዩ እዮም። እዚ ኸኣ ኣዝዩ ርዱእ እዩ። እንተኾነ ግን፣ ዉሉድኩም ናብ ናይ መደንዘዚ ዝውሃበሉ ቦታ መደንዘዚ ንኽቅበል ክኸይድ ከሎን ኣብ እዋን ቁልጡፍ ብዝኾነ መገዲ ካብ ድቃስ-ምብርባር ግዜ፣ ሓደ ወላዲ ጥራሕ እዩ ምስኡ ክጸንሕ ዝፍቀደሉ። በዚ መገዲ ኸኣ፣ ካብ ሓደጋ ናጻ ዝኾነን ምቹእ ከባቢ ንኹሉ ከምዝህሉ ንገብር። ንዉሉድካ ናብ ገዝኡ ንኽትወስዶ ኣብ እትዳለወሉ እዋን፣ ክልቲኦም ወለዲ ክህልዉ ይኽእሉ እዮም።



## ናይ ቀለውዕ ህይወት በዓል ሞያታት

ናይ ቀለውዕ ህይወት በዓል ሞያታት ሓደ ክፍሊ ናይቲ ናይ ክንክን ጥዕና ጋንታ ኣዮም። ስርሖም ከኣ ብዕድመ ደረጃ ክግበር ዝከኣል ነቲ መጥባሕቲ ወይ መስርሕ ኣብ ምድላው ምሕጋዝ እዩ። ንዉሉድካ ብዛዕባ እዚ ከመይ ጌርካ ክትዛረቦ ከምዘሎካ ሓገዝ ዘድልየካ እንተኾይኑ፣ ናብ 206-386-6283 ደውል።



# ቅድመ-መጥባሕቲ ምግባር ናይ ዝውሰድ መድሃኒት መምርሕታት

ዉሉድካ ናይ ደም መቐጠኒ ወይ ካልእ ኣስፕሪን ዘለዎ ዝኾነ መድሃኒት ዝወስድ እንተኾይኑ፣ ምስ ናይ መጥባሕቲ ሓኪምካ ተራኸብ። ቅድሚ እቲ መጥባሕቲ ምግባሩ ደው ከብሉ ይግብኦም ይኸውን።

*ብጀካ ብሓኪም፣ ናይ መጥባሕቲ ሓኪም ወይ ኣነስተዚዮሎጂስት መምርሒ እንተዘይኮነ፣ ነቲ ቅድሚ መጥባሕቲ ክውሰድ ናይ ዘለዎ ናይ መድሃኒታት መምርሒ ዉሉድካ ከምዝሰዕብ ግበሮ።*

### እቲ መጥባሕቲ/መስርሕ ቅድሚ ምፍጻሙ ቅድሚ ክልተ ሰሙን፤

ኩሉ እትወስዶ ተወሳኺ ናይ ተኽሊታት ተወሳኺ ቫይታሚናት ምውሳድ **ደው ኣብል**።

### ሰለስተ መዓልቲ ቅድሚ እቲ መጥባሕቲ፤

ከም Advil (ኣድቪል)፣ Aleve (ኣሊቭ)፣ DayPro (ደይፕሮ)፣ Feldene (ፈልድን)፣ Ibuprofen (ኣይቢፕሮፎን)፣ Indocin (ኢንዶኪን)፣ Lodine (ሎዲን)፣ Motrin (ሞትሪን)፣ Naproxen (ናፕሮክሰን)፣ Naprosyn (ናፕሮሲን)፣ ን Voltaren (ቮልትራረን) ዝኣመሰሉ ኩላቶም ስቴሮይዳል-ዘይኮኑ፣ ጸረ-ቃንዛ ዝኮኑ መድሃኒታት ምውሳድ **ደው ኣብል**።

### ዉሉድካ መጥባሕቲ ኣብ ዝጉብረሉ ንግሆ፤

ዉሉድካ ነቲ ብተለምዶ ዝወስዶም ብሓኪም ዝተኣዘዙ መድሃኒታት ኩሉ ምስ ሒደት ማይ ፊት እናባለ ከምዝወስድ ግበር። ዉሉድካ ናይ ኣዝማ ኢንሄይለር ዝጥቀም እንተኾይኑ፣ ንኽትቀመሉ ሃቦ ከምኡ'ውን ናብቲ ሆስፒታል ሒዝካዮ ምጻእ።

## ኣገደስቲ ሓበሬታታት

### ቅድሚ እቲ መጥባሕቲ ዝግበረሉ ዕለት ዘላ መዓልቲ፤

- ☐ ዉሉድካ፣ ከም ሰዓል፣ ጉንፋዕ፣ ረስኒ፣ ናይ ፍሕኛ ረኽሲ፣ ቁጥዐ ቆርበት፣ ውጽኣት ወይ ካልእ ረኽሲ ዝኣመሰሉ ዝኾነ ናይ ኩነት ጥዕና ለውጥታት እንተርእዩ፣ ናብቲ ናይ መጥባሕቲ ሓኪምካ ደውል።
- ☐ ኣብዚ ሰነድ ኣብ ገጽ ኣርባዕተ ንዝርከብ፣ ናይ ቅድመ-መጥባሕቲ ናይ ኣመጋግባ መምርሒታት ኣንቢብካ ስዓቦ።

### ኣብቲ ናይ መጥባሕቲ መዓልቲ፤

- ☐ ንዉሉድካ ሰውነቱ ሕጸቦ፣ ቅድሚ ናብ ሆስፒታል ምምጻእካ ንጸጉሩ ህጸቦ። ጸጉሪ ድሕሪ ምሕጻብካ፣ ዝኾነ ዓይነት ናይ ጸጉሪ ቅብኣት ኣይትግበረሎም። እዚ ቅድሚኡ ዘሎ ምሸት ክግበር ዝክኣል እዩ።
- ☐ ዉሉድካ ከም ሜይክኣፕ ወይ ከም ናይ ጸጉሪ ስፕሬይ፣ ጨና፣ ጄል፣ ኣፍተርሼይቭ፣ ናይ ገጽ ክሬማ፣ ዘይቲ፣ ሎሽን ወይ ናይ ጸጉሪ ኮንዲሽነር ዝኣመሰሉ ናይ ኣካላዊ መካናኸኒ ምህርትታት ክትጥቀም **ኣይትፍቀድ**። ሳሙናን ሻምፑ ጥራሕ ተጠቀም።
- ☐ ዉሉድካ ግፍሕ ዝበለን ምቹእ ዝኾነ ክዳን ከምዝኸደን ግበር።
- ☐ ዉሉድካ ጌይራቶ ንዘላ ዝኾነ መጋየጺ ኣውጺእካ ኣብ ገዛ ገዲፍካዮ ምጻእ (መዓልታዊ ዝግበር መጋየጺ ወሲኽካ)
- ☐ ዉሉድካ ነቲ ዝተዋህቦ ናይ ቅድመ-መጥባሕቲ መምርሒታት ከምዝሰዕብ ግበር (ገጽ 4 ዘሎ ቻርት ተወከስ)። **እዞም መምርሒታት እንተዘይተሳዒቦም፣ እቲ መስርሕ ወይ መጥባሕቲ ክዳናጎይ ወይ ምናልባት'ውን ክሕከኽ ይኽእል እዩ።**
- ☐ ኣብቲ ሆስፒታል ኣብ ሰዓትካ ተረኸብ።
- ☐ ፓርክ ንመግበሪ ዝኸውን ግዜ ኸኣ ፍለ (ኣብቲ ሰነድ ንዝርከብ ካራታ ተወከስ)።
- ☐ ውሉድካ ንኣዝማ ዝኸውን ኢንሄይለር ዝጥቀም እንተኾይኑ፣ ምሳኻ ኣምጽኣዮ።
- ☐ ናይ ግዚያዊ ናይ መጉዚትነት መሰል ዝተወሃብካሉ መረጋግጺ ሒዝካ ምጻእ፣ ኣድላዪ እንተኾይኑ።
- ☐ ዉሉድካ ፉሉይ ናይ መግቢ ጠለባት እንተለዎ፣ ነቲ ዝመርጾ መግቢ ምሳኻ ሒዝካ ምጻእ።
- ☐ ኣብ ናይ Swedish ጋራዣት ዝኽፈል ናይ ፓርኪንግ ዋጋ ክፈላለ ይኽእል እዩ። ንክፍሊት ዝኸውን ጥረ ገንዘብ፣ ደቢት ወይ ክረዲት ካርድ ሒዝካ ምጻእ። ፓርኪንግ ክጸድቕ ኣይከኣልን እዩ።

ኣገዳሲ

## ቅድመ-መጥባሕቲ ናይ መግቢ መምርሒታት

| | |
|---|---|
| **8**<br>ቅድሚ ምእታውካ ዘለዉ ሰዓታት | ዉሉድካ ዝኾነ ፈሳሲ ዘይኮነ መግቢ ንኸይበልዕ **ክልኣዮ**። ፈሳሲ ምፍቃድካ ቀጽሎ።<br><br>**ምግቢ ከልክል**<br>**ዝምጸዩ ከረሜላታት ከልክል**<br>**ማስቲካ ከልክል** |
| **6**<br>ቅድሚ ምእታውካ ዘለዉ ሰዓታት | ጋዜጣ ብድሕሪኡ ጌርካ ከተንብበሉ ዘይትኽእል ፈሳሲ ንዉሉድካ ምሃብ **ደው ኣብል**።<br><br>ዝኾነ ዓይነት ጸባ (ብጀካ ጸባ ናይ ጡብ)፣ ፍረ ዘለዎ ጽሟቕ ወይ ፎርሙላ **ኣይትሃብ**።<br><br>ዝኾነ ሕዋስ ዘይብሉ ናይ ጡብ ጸባን ጋዜጣ ብድሕሪኡ ኣቀሚጥካ ከተንብበሉ እትኽእል ንጹር ፈሳሲ ምሃብ **ቀጽል**።<br><br>ከም 7-up፣ Gatorade፣ ጀሎ፣ ፍረ ዘይብሉ ናይ ቶፋሕ ጽሟቕ ምሃብ ደሓን እዩ።<br><br>**ጸባ ከልክል**<br>**ፎርሙላ ጸባ ከልክል**<br>**ፊረ ዘለዎ ጽሟቅ ከልክል**<br>**ናይ ፍሩታ ኔክታር ከልክል**<br>**ስሙዚ ከልክል** |
| **4**<br>ቅድሚ ምእታውካ ዘለዉ ሰዓታት | ጡብ ምጥባው **ድው ኣብል**። |
| **2**<br>ቅድሚ ምእታውካ ዘለዉ ሰዓታት | በቲ መምርሒ ተኸቲልካ ብጀካ ንመድሃኒት፣ ዝኾነ ነገር ብኣፉ ዝወሃብ ንዉሉድካ ምሃብ **ድው ኣብል**።<br><br>**ማይ ከልክል**<br>**ንጹር ፈሳሲ ከልክል** |

**ብጀካ ብናይ ዉሉድካ ሓኪም፣ ናይ መጥባሕቲ ሓኪም ወይ ናይ መደንዘዚ ሓኪም ፉሉይ መምርሒ እንተ ዘይተዋሂቡ፣ ዉሉድካ ነቲ ቅድሚ መጥባሕቲ ክስዕቦ ዘለዎ ናይ መግቢ መምርሒ ክስዕቦ ይግባእ። መምርሒታት እንተ ዘይተሰዒቦም፣ እቲ መስርሕ ወይ መጥባሕቲ ክደናጎይ ወይ ምናልባት ክሕከኽ ይኽእል ይኸውን።**

## ናይ መሕወዪ ክፍሊ

ኣብቲ ናይ መሕወዪ ክፍሊ፣ ዉሉድካ ብፉሉይ መገዲ ብዝሰልጠነት ነርስ ክንክን ክውሃቦ እዩ። ኣብ ናይ ምሕዋይ ደረጃ ዉሉድካ ዘጥፍኦ ግዜ ክፈላለ ይኽእል እዩ። ዉሉድካ ንክሓዊ ናትካ ምጽንናዕን ሓገዝን ክሳዕ ክንደይ ኣድላዪ ከምዝኾነ ንርዳእ ኢና፣ ስለዚ ኸኣ ንዉሉድካ ብዝተኽኣለ መጠን ቀልጢፍካ ንኽትርኢ ዝኻኣለና ክንገብር ኢና።

## ኣብ ሆስፒታል ምጽናሕ

ዉሉድካ ድሕሪ መጥባሒቲ ኣብ ሆስፒታል ንኽጸንሕ እንተ ተገይሩ፣ ክሳዕ እቲ ዝወጸሉ እዋን፣ ኣብ ነፍሲ-ወከፍ ለይቲ ሓደ ሰብ ምስኡ ንኽሓድር ነተባብዕ። እንተኾነ ግን፣ Swedish፣ ኣብዚ እዋን ተሓከምቲ ንዘይኮኑ ካልኦት ቀለውዕ ናይ ክንክን ቀለውዕ ኣገልግሎት ኣይህብን እዩ። ኣሕዋት ናይቲ ዝሕከም ዉሉድ ኣብቲ ናይቲ ተሓካሚ ደቂሱሉ ዘሎ ክፍሊ ምስኡ ለይቲ ክሓድሩ ኣይፍቀደሎምን እዩ። ናይ ሕሙም መብጽሒ ሰዓታት ካብ 5 ቅ.ቀ. ክሳዕ 9 ድ.ቀ. እዩ። ኣብዘን ሰዓታት ናይቲ ተሐካሚ የሕዋት ክበጽሑ ይኽእሉ እዮም፤ ትሕቲ 12 ዓመት ዝኾኑ ግን ምስ ነፍሱ-ዝኣኸለ ሰብ ክኾኑ ይግባእ።

## ናብ ገዛ ንምምላስ መደብ ምውጻእ

ድሕሪ መጥባሕቲ ዉሉድካ ኣብ ገዛ ብዛዕባ ዝረኽቦ ክንክን ነቲ ናይ መጥባሕቲ ሓኪም ሕተቶ። ዉሉድካ ናብ ገዝኡ ኣብ ዝኸደሉ መዓልቲ (ወይ ኣብቲ ናይ መጥባሕቲ መዓልቲ፣ ወይ ድሕሪ ኣብ ሆስፒታል ዝጸንሓሉ መዓልትታት)፣ ንገዛ ዝወስድ ንስኻ ወይ ካልእ ፍቓድ ዝተዋህቦ ነፍሱ-ዝኸኣለ ሰብ ክህሉው ናይ ግድን እዩ። (መስርሕ ኣብ ዝካየደሉ መዓልቲ ነፍሱ-ዝኽኣለ ሰብ ምስቲ ቆልዓ እንተዘየሎ፣ እቲ መስርሕ ክሕከኽ እዩ።) ቀለውዕ ባዕሎም ክዝውሩ ወይ ከኣ ብኣውቶቡስ ናብ ገዝኦም ክኸዱ የብሎምን። ምስ ነፍሱ-ዝኸኣለ ሰብ ኮይኖም ታክሲ ክወስዱ ይኽእሉ እዮም። ኩሎም ተሓከምቲ፣ ዕድመ ብዘየገድስ፣ ድሕሪ መስርሕ ምግባሮም ወይ ኣብ ሆስፒታል ደቂሶም ናብ ገዝኦም ምምላሶም ኣብ ዘሎ ቀዳማይ ለይቲ፣ ሓደ ሰብ ምስኦም ክንህሉ ይግብኦ።

# ናይ ቀለውዕ ህይወት በዓል ሞያታት

ኣብ Swedish፣ ሓደ ቆልዓ ኣብ ሆስፒታል ኣብ ምድቃስ ከስዕብሉ ብዛዕባ ዝኽእል ፍርሒ ወይ ግር ናይ ምባል ስምዒት ይርድኣና እዩ። በዚ ምኽንያት እዩ ናይ ቀለውዕ ህይወት በዓል ሞያታት ከም ሓደ ክፍሊ ናይ ክንክን ጥዕና በዓል ሞያታትና ዘለዉ። ኣብ Swedish ዝርከቡ ናይ ቀለውዕ ህይወት በዓል ሞያታት ንቀለውዕን ንወለዶምን ምስቲ ኣብ ሆስፒታል ምጽናሕ ከስዕቦ ዝኽእል ናይ ስምዒታዊን ናይ ምዕባለ ብድሆታት ብኸመይ ክገጥምዎ ከምዝኽእሉ ሓገዝ ይህቡዎም።

ንስድራ ቤት፣ ባህሊን፣ ዘለዎ ናይ ምዕባለ ድረጃን፣ ኣብ ግምት ብምእታው፣ እቲ ናይ ቀለውዕ ህይወት በዓል ሞያ፤

- ንቀለውዕ ንመጥባሕቲ፣ መስርሓት፣ መርመራታትን ሕክምናታትን ንምድላው፣ ምስቲ ምዕባሊኦም ዝሳነ ጸዋታን ትምህርትን ይጥቀም
- ናብ ሆስፒታል ኣብ ዝመጹሉ እዋናት፣ ንሲሚዒታዊ፣ ማሕበራዊን ምዕበላዊ ዕብየት ናይቲ ቆልዓ ኣብ ምትብባዕ ምስራሕ
- እቲ ቆልዓ ንዘለዎ ናይ ብዛዕባ ሆስፒታል ፍርሒን ጉጉይ ርድኢት ንምልዋጥ ቅድሚ-መስርሕ ዝውሃብ ትምህርቲ ወይ ናይ ሕክምና ጸዋታ ይጥቀም
- ናይ ምጽዋት፣ ምዝንጋዕ፣ ምምሃርን ነፍስኻ ምግላጽ ዝኣመሰሉ ዕድላት ዘካተቱ፣ ንቀለውዕን ንስድራ ቤቶም ደጋፊን፣ ኣዎንታዊ ዝኾነ ተሞክሮ ይህብ



## ንዉሉድካ ናብ ሆስፒታል ንኽበጽሕ ምድላው

ናብቲ ሆስፒታል ክትመጽእ ከለኻ እንታይ ይጽበየካ ከምዘሎ ምፍላጥ፣ ክህልዉ ንዝኽእሉ ልማዳዊ ፍርሕታትን ስግኣታትን ከልግሱ ይኽእሉ እዮም። ቀለውዕን ስድራ ቤቶምን ኣብ Swedish ኣብ ዝገብሩዎ ናይ መጥባሕቲ መስርሕ እንተሓገዞም ብዝብል፣ ናይ ቆልዓ ሂወት ፕሮግራም (Child Life Program) ነቶም ቀለውዕን ነቶም ኣለይቶምን ነቲ ዝመጽእ ዘሎ ቆጸራ ተገይሩሉ ዘሎ መጥባሕቲ/መስርሕ ኣብ ምድላው ዝሕግዝ፣ ቅድሚ-መጥባሕቲ ዝግበር ዑደት ይህቦም እዩ። እዚኣቶም ከኣ፣ ምስ ዕድመ ዝመጣጠን ትምህርቲን ናይቲ ቅድመ-መጥባሕቲ፣ መጥባሕቲን ድሕሪ መጥባሕቲ/ተሓካሚ ክፍልታት ከባቢ ናይቲ ሆስፒታል ዘካተቱ፣ ሓደ-ን-ሓደ ዝውሃቡ ክፍለ ግዜያት የጠቓልሉ። ዉሉድካ ኣብቲ ዕለት ናይ መጥባሕቱ ዝርእዮምን ዝሰምዖምን ነገራት ምርኣይ፣ ብዛዕባ እቲ ሆስፒታል ብርግጽ ኣፍልጦ እትረኽበሉ መገዲ ክኸውን ይኽእል እዩ። እቶም ዝግበሩ ዑደታት ደስ ዝብሉን፣ ዘዋስኡን ንማሕበራዊን ስምዒታዊ ጠለባት ናይ ዉሉድካን ስድራቤትካን ንኸማልኡ ተባሂሎም ብፉሉይ ዝተዳለዉ እዮም።

***ሕቶታት እንተለዉኻ ወይ ቅድመ-መጥባሕቲ ዝግበር ዑደት ቆጸራ ክትሕዝ እንተደሊኻ፣ ናብ ናይቲ ናይ ቀለውዕ ህይወት ጋንታ ብቁጽሪ 206-386-6283 ደውል።***

### ተልእኾ

ናይ Swedish ናይ ቀለውዕ ህይወት በዓል ሞያታት፣ ንምዕባለ፣ ጥዕናን ደሕንነትን ናይ ሕጻናት፣ ቀለውዕ፣ መንእሰያትን ስድራቤታትን ክጸልዉ ንዝኽእሉ ዘጨንቁ ወይ ዘሰምብዱ ናይ ህይወት ፍጻሜታትን ኩነታትን ንኽንክዩ ዝክኣሎም እዮም ዝገብሩ። ናይ ቀለውዕ ህይወት በዓል ሞያታት፣ ንናይ ሕጻናት፣ ቀለውዕን መንእሰያትን መደበኛ ዕብየትን ሞዕባለን፣ እናገምገሙ፣ እናመለሱ፣ እናተካላኸሉ፣ ኣናመዓዱን እናመሃሩን፣ ኣብ ምድንፋዕ ኣብ ዝሰርሑሉ እዋን፣ ጸዋታ ከም ናይ መፈውሲ-መሳርሒ ንዘለዎ ብጉቡእ እዮም ዝቕበሉዎ።

# ናይ መደንዘዚ ክንክን

***ኣብ እዋን እቲ መስርሕ፣ ዉሉድካ ካብ ቃንዛ ናጻን ሃለዋቱ ንኺይፈልጥ ንምግባር መደንዘዚ ከድሊ እዩ።***

## ናይቲ ናይ ሕጻናት ኣነስተዚዮሎጂስት ተራ እንታይ እዩ?

ሓደ ኣነስተዚዮሎጂስት፣ እቲ ናይ መጥባሕቲ ሓኪም ነቲ መስርሑ ንምግባር ምእንቲ ክኽእል፣ ንዉሉድካ ካብ ሓደጋ ናጻ ዝኾነ ከባቢ ክምህዝ ዝኽእል ብፉሉይ መገገዲ ዝሰልጠነ ሐኪም እዩ። እቲ ኣነስተዚዮሎጂስት ንዉሉድካ ናይ መደንዘዚ መድሃኒት ይህቦ፣ ዉሉድካ ንዘለዎ ናይ ጥዕና ኩነታት ከኣ ብቐጻሊ ይከታተል። እቲ ናይ ምድንዛዝ መስርሕ ሰለስተ ደረጃ ኣለዎ፤ ናብ ድቃስ ምኻድ፣ ደቂስካ ምጽናሕን ካብ ድቃስ ምብርባርን።

## ናይ ዉሉደይ ኣነስተዚዮሎጂስት መን እዩ ክኸውን?

ዉሉድካ ብናይ ቀለውዕ ኣነስተዚዮሎጂ ብዝሰልጠነ ናይ ኣነስተዚዮሎጂ በዓል ሞያ እዩ መደንዘዚ ክውሃብ። ናይ ዉሉድካ ኣነስተዚዮሎጂስት ቅድሚ ዉሉድካ ነቲ መስርሕ ዝገብረላ መዓልቲ ዘላ ምሸት ክምደብ እዩ። ንሓደ ዝተወሰነ ኣነስተዚዮሎጂስት ንምምራጽ፣ ናብ 206-215-3656 ደውል።

## ምስቲ ኣነስተዚዮሎጂስት መዓስ እየ ክራኸብ ዝኽእል?

ኣብቲ እቲ መስርሕ ዝግበረሉ መዓልቲ፣ ምስቲ ኣነስተዚዮሎጂስት ክትራኸብ ኢኻ። ንሱ ከኣ፣ ብዛዕባ ታሪኽ ናይ ዉሉድካ ጥዕና ክሓተካን ብዛዕባ እቲ ዝግበር መደንዘዚ ምሳኻ ክዘራረብ እዩ። ቅድሚ እዚ ግዜ ምብጽሑ ምስቲ ኣነስተዚዮሎጂስት ናብ 206-215-3656 ብምድዋል ክትዘራረብ ትኽእል ኢኻ።

ብድሕሪኡ፣ ምስቲ ኣነስተዚዮሎጂስት ከም ዝተመያየጥካን፣ ንዉሉድካ መስርሕ ዝኸውን ክግበር ብዛዕባ ዘለዎ ናይ መደንዘዚ ኣገባብራ ከምዝተረዳእካዮን ከምዝተቀበልካዮን ዝገልጽ፣ ነቲ ናይ መደንዘዚ መስርሕ ተባሂሉ ዝተዳለወ ፉሉይ ናይ ፍቓድ መውሃቢ ቅጺ ንኽትፍርም ክትሕተት ኢኻ።

## እቲ መደንዘዚ ከመይ እዩ ክወሃብ?

ከም ነቲ መድሃኒት ብናይ ደም መስመር (ብቬይን ጌርካ) ወይ ነቲ ናይ መደንዘዚ ናብ ውሽጢ እትትንፈሰሉ ማስክ ብምግባር ዝኣመሰሉ፣ ዝተፈላለዩ ቴክኒካት ኣለዉ። እቲ ኣነስተዚዮሎጂስት፣ ንዕድመ ናይ ዉሉድካ፣ ጠባዩ፣ ምስ መደንዘዚ ዘለዎ ናይ ዝሓለፈ ተሞኩሮን ፉሉያት ናይ ሕክምና ኩነታት ኣብ ግምት ብምእታው፣ ነቲ ካብ ሓደጋ ናጻ እዩ ዝብሎ ቴክኒክ ክመርጸሉ እዩ።

## ዉሉደይ ቅድመ-ዝውሃብ-መዳሃኒት ክውሃቦ ድዩ?

እቲ ኣነስተዚዮሎጂስት ቅድመ-ዝውሃብ-መድሃኒት (ቅድሚ እቲ መስርሕ ዝውሃብ መድሃኒት) ክህቦ ይኽእል ይኸውን። እንተኾነ ግን፣ እቲ ዉሉድ ናብ ምድቃስ እናኸደ ከሎ ናይ ወላዲ ምስኡ ምኧን ማዕረ እቲ መድሃኒት ሓጋዚ እዩ።

## ዉሉደይ ናብ ድቃስ ክኸይድ ከሎ ምስኡ ክኸውን እኽእል ድየ?

ዕድሚኦም ካብ 1 ክሳዕ 8 ዓመት ዘለዉ ዝበዝሑ ቀለውዕ፣ ሓደ ወላዲ ኣብ ዝተረኽቦ መደንዘዚ ክውሃቦም ይኽእል እዩ። ንደሕንነት ተባሂሉ ግን፣ ዉሉድካ ክብድ ዝበለ ናይ ጥዕና ጸገም እንተለዎ፣ ሃንደበታዊ መጥባሕቲ ይገብር እንተሎ፣ ወይ ካብ 1 ዓመት ንታሕቲ እንተኾይኑ፣ ወለዲ ክህልዉ ኣይክእሉንእዮም። ዝበዝሑ ዕብይ ዝበሉ ቀለውዕ ብዘይ ወላዲ ጽቡቕ እዮም ዝኸዱ።

ናይ ዉሉድካ ናይ መደንዘዚ መደብ በቲ ናይ ዉሉድካ ኣነስተዚዮሎጂስት ዝውሰን እኳ እንተኾነ፣ ንስኻ ወይ ዉሉድካ እትከብሩዎ ምርጫ፣ ኣብቲ እቲ መስርሕ ዝግብረሉ መዓልቲ ክውሰን እዩ። መደንዘዚ ምሃብ ኣዝዩ ብርቱዕ መስርሕ ከምዝኾነ ተረዳእ። ናይቲ ኣነስተዚዮሎጂስት ቀዳማይ ኣቃልቦ ናይ ዉሉድካ ደሕንነት እዩ። ዉሉድካ መደንዘዚ እናተዋህቦ ከሎ ኣብኡ እንተኔርካ፣ ዉሉድካ ናብ ድቃስ ምስ ከደ ብኡ=ን-ብኡ ናብ መጸበዪ ክፍሊ ክትውሰድ ኢኻ።

## ዉሉደይ ካብ ድቃስ ምስ ተስኤ ናብቲ ናይ መሕወዪ ክፍሊ ንኽኣቱ እፍቀደለይ ድዩ።

ዉሉድካ ካብ ድቃሱ ምስተባራበረን ብናይ ሕክምና ደረጃ ብጉቡእ ምስ ተደላደለ፣ ሓደ ወላዲ ናብቲ ናይ ድሕሪ-መደንዘዚ ክንክን ዋህዮ (post-anesthesia care unit) (PACU) ንኽኣቱ ክፍቀደሉ እዩ። ዉሉድካ ናብቲ ካልኣይ ናይ መሕወዪ ክፍሊ ምስተሰጋገረ እሞ ናብ ገዝኡ ንክኸይድ እናተዳለወ ከሎ፣ ክልቲኦም ወለዲ ክህልዉ ይኽእሉ እዮም። ኣብቲ ናይ መሕወዪ ክፍሊ ኣሕዋት ክህልዉ ኣይፍቀደሎምን እዩ።

## ናይ ቃንዛ መዐገሲ መድሃኒት ከመይ እዩ ክውሃብ?

ናይ ቃንዛ መዐገሲ መድሃኒት ኣብ መብዝሕትኡ እዋናት ብኢንፊዥን እዩ ዝውሃብ። ኣድላዪ እንተኾይኑ ኸኣ፣ ዉሉድካ ናብ ገዝኡ ክወስዶ ዝኽእል ብኣፍ ዝውሓጥ መድሃኒት ክውሃቦ እዩ።

# SWEDISH ሕክምና ማእከል ክፍሊ መደንዘዚ ናይ ተሓካሚ ፈቓድ መውሃቢ ቅጺ

ኣነስተዚዮሎጂ ፉሉይ ዓይነት ናይ ሕክምና ሞያ እዩ። እቲ ኣነስተዚዮሎጂስትኻ፣ ኣብ እዋን ሕክምና፣ መጥባሕቲ ወይ ናይ ማህጸናዊ መስርሕ መደንዘዚ ንክህብ ዝተዓለመ ሐኪም እዩ። ናይ Swedish ክፍሊ መደንዘዚ ኣባላት ዝኾኑ ሓደ ወይ ካብ ሓደ ንላዕሊ ብዝኾኑ ኣነስተዚዮሎጂስታት ክውሃብ እዩ። እቲ ናይ Patient Consent Form (ተሓካሚ ናይ ፍቓድ መውሃቢ ቅጺ) ነቲ ናይ ንመጥባሕቲ ፈቓድ መውሃቢ ወይ ናይ ካልኦት ናይ መጥባሕቲ መስርሕ ክንክን ቅጺ ከም ተወሳኺ እዩ ዘገልግል።

እዚ ዝቕጽል ሓበሬታ፣ ናይቲ እንጥቀመሉ መደንዘዚ ወይ መፍዘዚን እቶም ክጋጥሙ ናይ ዝኽእሉ ኣሉታዊ ሳዕቤናት መግለጺ እዩ። እዚ ሓበሬታ፣ ነቲ ናይ መደንዘዚ መስርሕ ንኽትርድኦን ነቲ ኣነስተዚዮሎጂስት ሕቶታት ንክትሓቶ ንዝኽእለካ ንክኸውን ተስፋ ንገብር። እዚ ዝርዝር ንኸሰምብደካ ወይ ነቲ መስርሕ ንኸይትገብሮ ተስፋ ንኸቑርጸካ ዘይኮነስ፣ ኩሉ ናይ ሕክምና መስርሕ ነናቱ ዝኾነ ኣሉታዊ ሳዕቤናት ክህልዎ ከምዝኽእልን፣ ሳሕቲ ኸኣ ዘጋጥሙ ኩነታት ከምዘለዉ ንክሕብር ብምባል እዩ። ከገለ-ገለ ካብዞም ኣሉታዊ ሳዕቤናትን ምትሕልላኻትን ነዞም ዝስዕቡ ከካትቱ ዝኽእሉ ከኾኑ ከለዉ፣ በዚኦም ጥራሕ ዝድረቱ ግና ኣይኮኑን፤

**<u>ሓፈሻዊ መደንዘዚ</u>**፤ ናይ ተምላስ ስምዒት፣ ኣለርጂ/ምስ እትወስዶ መድሃኒት ምግጫው፣ ጉሮሮ ምሕርሓር፣ ድምጺ ምሕርፋፍ፣ ናይ ከናፍር/ኣስናን/ናይ ድምጺ መትንናት/መተንፈሲ ምህሳይ፣ ረኽሲ፣ ናይ ደም መተሓላለፊ ቱቦታት ምህሳይ፣ መደንዘዚ ወላ ተዋሂብካ ከለኻ፣ ሃለዋትካ ምፍላጥ፣ ሕማም ባርያ፣ ምስንካል፣ ስትሮክ፣ ናይ ልቢ/ሳናቡእ/የእሙሮን ማህሰይቲን ሞትን።

**<u>Neuraxial (ኒውሮታክሲያል) መደንዘዚ</u>** (ኢፒዱራል ወይ ብሕቆ)፤ ናይ ሑቖ ቃንዛ፣ ናይ ርእሲ ቃንዛ፣ ናይ ደም ጸቕጢ መጠን ምልውዋጣት፣ እቲ ዝተዋህበ ናይ ኢፒዱራል ወይ ናይ ሑቖ መደንዘዚ ብዘይምስርሑ፣ ኣጠቓላሊ መደንዘዚ ክውሃብ ምድላይ፣ ምድማይ፣ ምስ መድሃኒታት ምግጫው፣ ናይ ምትንፋስ ዓቕሚ ምዝሓጥ፣ ረኽሲ፣ ናይ ነርቭ ማህሰይቲ፣ ስንክልና፣ ሕማም ባርያ።

**<u>ናይ ከባቢያዊ መደንዘዚ</u>**፤ ንእስ ዝበለ ቃንዛ ወይ ናይ ዘምምቻእ ስምዒት፣ ኣለርጂካዊ ግብረ መልሲ፣ እቲ ኣብቲ ከባቢ ዝተዋህበ መደንዘዚ ምስራሕ ምእባይ፣ ምድማይ፣ ረኽሲ፣ ናይ ነርቭ ማይሰይቲ፣ ናይ ደም መተሓላለፊ ማህሰይቲ፣ ተረፍ ዝጸንሕ ምድንዛዝ ወይ ድኻም፣ ናይ ምትንፋስ ክእለት ምዝሓጥ፣ ሕማም ባርያ፣ ናይ ቁቆ ወይ ኢፒዱራል ምልኳት፣ ናይ ርእሲ ሕማም፣ ስትሮክ፣ ናይ ልቢ/ሳነቡእ/የእሙሮ ማህሰይቲ፣ ሞት ከምኡ'ውን ሓፈሻዊ መደንዘዚ ምድላይ።

**<u>Transesophageal Echocardiography (ትራንስኢሶፋጂያል ኢኮካሪዲዮግራፊ)</u>**፤ ናይ ጉሮሮ ቃንዛ፣ ናይ ከናፍር፣ ኣስናን፣ ኣፍ፣ ሓናት፣ ጉሮሮ ወይ ከብዲ ማህሰይቲ፣ ድምጺ ምሕርፋፍ፣ ምውሓጥ ምጽጋም፣ ክትውሕጥ ከለኻ ቃንዛ፣ ምምላስን ረኽሲን።

መጥባሕቲ ወይ መስርሕ ንምግባር ምእንቲ ክትክእል መደንዘዚ ምግባር ናቱ ዝኾነ ከስዕቦ ዝኽእል ኣሉታዊ ሳዕቤናት ከምዘሎን፣ ነቶም ናይ መደንዘዚ ወይ ካልኦት መድሃኒታት ወይ ምስቲ ናይ ክንክን ምድንዛዝ ብዝተኣሳሰር ዝገብሮ መስርሓት ብዛዕባ ዘለዎም ውጽኢት ዝኾነ ዓይነት ተስፋታት ወይ ውሕስነት ክውሃብ ከምዘይክኣል እርዳእ። ኩሉ መስርሓት ዘይተሓሰቡ ኣሉታዊ ሳዕቤናት ክስዕቡ ይኽእሉ እዮም።

ንገለ-ገለ መስርሓት፣ ከም ኣርተሪያል ላይንስ፣ ሴንትራል ላይንስ ወይ ትራንስኢሶፋጂያል ኢኮካሪዲዮግራፊ ዝኣመሰሉ፣ ናብ ውሽጢ ሰውነት ብምእታው ዝግበሩ ምክትታላት ከምዘድልዮም እርዳእ። ኣብቲ መስርሕ ዝገብረሉ እዋን፣ ናይ ኣካላዊ ኩነታተይ ክቀያየር ስለዝኽእል፣ እቲ ኣብ ልዕለይ ዝጥቀሙሉ ናይ መደንዘዚን/ወይ መከታተሊ ዓይነት ክቕየር ከኣ ይኽእል እዩ። ዝኾነ ኣብ ናይ መደንዘዚ መደበይ ዝግበር ምቅይያር፣ ንደሕንነተይ ከም ቀዳማይ ኣገዳስነት በቲ ኣነስተዚዮሎጂስት ስለ ዝተሰርዐ እዩ።

ብሓኪም ንዝተኣዘዙለይ መድሃኒታት፣ ብሓኪም ከይተኣዘዘ ዝግዛእ መድሃኒታት፣ ናይ ሓበሻ መድሃኒታትን ቪታሚናትን፣ ከምኡ'ውን ካልእ ዝኾነ ንምዝንጋዕ ኢለ ንዝወስዶም ዕጽታት ወይ ኣልኮላዊ መስተታ ኩሉ ዝሕውስ ንዝወስዶም መድሃኒታት ኩሉ ነቲ ኣናስተዚዮሎጂስተይ ከምዝሓበርኩዎ ኣረጋግጽ። ብዛዕባ ዘለዉኒ ኩሉ ኣለርጂታት፣ ናይ ዝሓለፈ ናይ ሕክምና ታሪኸይ፣ ከምኡ'ውን ምስ ዝሓለፉ ኣነስተዚዮሎጂስታተይ ንዝነበሩኒ ዝሓለፉ ጸገማት ንሓኪመይ ከምዘፍለጥኩዎ ኣረጋግጽ። Swedish ናይ መምህሪ ትካል ከም ዝኾነ እርዳእ እየ፣ በዚ ምኽንያት ከኣ ኣብ ትሕቲ ቀይዲ ናይ ኣነስተዚዮሎጂስተይ፣ ረዚደንታት ወይ ከኣ ተመሃሮታት ኣብቲ ናይ መደንዘዚ ክንክነይ ክሳተፉ ከምዝኽእሉ ኸኣ እርዳእ እየ። ኣብ ክንክነይ ንከይሳተፉ ብፉሉይ ንክኽልክሎም እኽእል እየ። ብጀካ፣ ነቲ ናይ መጥባሕቲ ሐኪመይ ወይ ናይ መደንዘዚ ሓኪመይ በግልጺ ንጹር ብዝኾነ መገዲ፣ ነቲ ናይ DNR ትእዛዘይ ተግባራዊ ኮይኑ ክቕጽለለይ ይግባእ ኢለ እንተዘየፍሊጠ፣ ነዚ መደንዘዚ ንክወስድ ፈቃድ ምሃበይ፣ ንዘሎ ዝኾኑ ናይ "ካብ ሃለዋት ምጥፋእ ኣይተበራብር" ዝብሉ ትእዛዛት፣ ክሳዕ ካብቲ መደንዘዚ ሙሉእ ብሙሉእ ዝበራብር ንግዚኡ ደው ኢሉ ንክጸንሕ ፈቓድ እህብ ኣለኹ።

ነቲ ዘሎ ናይ መደንዘዚ ኣማራጺታት፣ ከምኡ'ውን እቶም ዝተፈላለዩ ኣማራጺታት ብምጥቃም ከጋጥሙ ንዝኽእሉ ኣሉታዊ ሳዕቤናትን ጥቕምታትን ተገሊጹለይ እዩ ተረዲኤዮ ኸኣ ኣለኹ። ነቲ ምሳይ ዝተመያየጥናሉ ናይ ኣገባብራን ናይ ክትትል መገዲን ወሲኸካ፣ ምስቲ ናይ መደንዘዚ መደብ እሳማማዕ እየ። ሕቶ ናይ ምሕታት ዕድል ከምዝተዋህበንን ንዘለዉኒ ሕቶታት ናይ ምሕታትን ብዛዕባ ናይ መደንዘዚ መደበይ፣ ክሳዕ ዘዕግብ ሓበሬታ ዝረከብ ንኽመያየጥ ዕድል ከምዝውሃበኒ እርዳእ። ነዚ ፍቓድ ኣብ ዝኾነ እዋን ክሳዕ እቲ መደንዘዚ ምጅማሩ ክስሕቦ ከምዝኽእል እርዳእ።

ናይ ተሓካሚ ፊርማ ወይ
ናይ ተሓካሚ ወኪል ______________________________ ዕለት____________ ሰዓት____________

ናይ ተሓካሚ/ወኪል ስም ጽሓፍ ______________________________

ናይ ኣነስተዚዮሎጂስት ፊርማ ______________________________ ዕለት____________ ሰዓት____________

ናይ ኣነስተዚዮሎጂስት ስም ጸሓፍ ______________________________

PATIENT LABEL

SWEDISH
SEATTLE, WASHINGTON

Form 76248-TIGRIGNA Nonstock Rev. 9/09 CC

መርኣያ ኣብነት

# ኣብ ሆስፒታል ጸኒሕካ ክትመጽእ ከለኻ ክትፈልጦ ዝግብኣካ ነገራት

## ኣብ እዋን ምጽናሕካ ንዘህልዉ በጻሕቲ

ኣብ Swedish ንወለዲ ብቀዳሞት ደረጃ ኢና ንሰርሖም። ስድራ ቤትን የዕሩኽትን ንወሉድካ ኣብ ሆስፒታል መጺኦም ክበጽሑዎ ከለዉ ክሳዕ ክንደይ ከምዝሕጎዝ ንፈልጥ ኢና። እንተኾነ ግን፣ እቲ ተሓካሚ ክንክን ስለዘድልዮን ከዕርፍ ስለዘለዎ፣ ወይ እቲ ክፍሊ ምስ ካልእ ስለዝጥቀመሉ፣ እቶም ሰራሕተኛታት ነዞም ምብጻሓት ክውስንዎም ይኽእሉ እዮም። ንምብጻሕ እቲ ዝሓሸ ግዜን ክሳዕ ክንዴናይ ግዜ ምጽናሕ ከምዝክኣል ንምፍላጥ ነታ ነርስ ኣዘራርብ። ምእንቲ ኩሉ ሰብ ኣብ ሓደ እዋን ብሓንሳብ ንምብጻሕ ከይመጹ፣ ስድራ ቤታትን የዕሩኽትን ነዝገብሩዎ ምብጻሕ ኣቀዲሞም መደብ ከውጽኡሉ ይግባእ።

## ድሕሪ ሰዓታት ኣብ ዘሎ እዋን ግን ናይ በጻሒ ታሴራ ባጅ ከድሊ እዩ

ንደሕንነት ተባሂሉ፣ ድሕሪ 9 ድ.ቀ. ወይ ቅድሚ 5 ቅ.ቀ. ዝመጹ በጻሕቲ ጊዝያዊ ዝኾነ ባጅ ከውሃቦም እዩ። በጻሒኻ ናይ በጻሓይ ታሴራ ባጅ ኣብ ምውጻእ ንክትሕግዞ ነታ ነርስ ሕተታ። ድሕሪ ሰዓታት ዝኾነ ባጅ ዘይብሉ ሰብ ብኣባላት ጸጥታ ክሕተት እዩ።

## ናይ ዘቤትን ናይ ኣገልግሎት እንስሳታት

ናይ ዘቤት ኣንስሳታት ናይ ሓደ ስድራ ቤት ሓደ ክፋል ከኾኑ ከምዝኽእሉ ንፈልጥ ኢና። እንተኾነ ግን፣ ብምኽንያት ኣጠቃላሊ ጥዕና ኩነታት፣ ናይ ኣገልግሎትን ናይ ተራፒ እንስሳታት ጥራሕ እዮም ክበጽሑ ዝፍቀደሎም።

## ሽጋራ ተትክኽ እንተኾይንካ

ኣብ Swedish ዘሎና ተልእኾ፣ ንተሓከምቲ፣ ስድራ ቤቶም፣ በጻሕቲ፣ ሰራሕተኛታት፣ ሓካይም፣ ወለንተኛታትን ካልኦትን ኩሉ ወሲኽካ፣ ነቲ ኣገልግሎት እንህቦ ንኑፍሲ-ወከፍ ሰብ ጥዕንኡ ምምሕያሽ እዩ። ናይቲ ተልእኾ ሓደ ክፍሊ ኸኣ፣ ካብ ሓደጋ ነጻ ዝኾነን ጥዕንኡ ዝተማለኤ ከባቢ ምቕራብ እዩ። ጥዕንኡ ዝተማልኤ ከባቢ ክብሃል ከሎ፣ ካብ ትከን ትምባኾ ናጻ ዝኾነ መሳለጥያ ኸኣ የጠቓልል እዩ። ንሕና ኣብ ውሽጥን ኣብ ደገን፣ ኣብ ኩለን ካምፓሳትናን ኣብ ኩሉ ናይ እናተመላለሱ ዝሕከሙሉ ክሊኒካትና ካብ ትከን ትምባኾ ናጻ ብምዃና Swedish ሓበን ይስምዖ እዩ። እዚ ፖሊሲ፣ ናይ ኤሌክትሮኒክስ ሽጋራታት (ኢ-ሲጋሬትስ) ወይ ካልእ ከምኡ ዝኣመሰሉ ምህርትታት፣ ከምኡ'ውን ዝሕየኹ ናይ ትምባኾ ምህርትታት ምጥቃም የጠቓልል። ኣብ ሆስፒታል ከሎ፣ ሽጋራ ንክትከኽ ነቲ ህንጻ ገዲፉ ንኽወጽእ፣ ወሉድካ ፈቓድ የብሉን። ወሉድካ ናይ ኒኮቲን ምህርትታት ወልፊ እንተለዎ፣ ናይ ኒኮቲን-መተክኢ ቴራፒ ንህብ ኢና። እዚ ኸኣ ሽዑ-ን-ሽዑ ክርከብ ዝኽእልን ከም ናይ ወሉድካ ናይ መድሕን ጥቕምታት ክፋል ተሓሲቡ ከምትኽፍል ክግበር ይክኣል እዩ።

ሽጋራ ከትክኹ ዝደልዩ በጻሕቲ፣ ኣብ ናይ መሬት ወይ ኣብ ናይ ፓርኪንግ ጋራጣት ክህልዉ የብሎምን፣ ከምኡ'ውን ካብ ናይ ህንጻታት መእተዊ ማዕጾታት፣ ኣፍደገታት፣ ክኽፈቱ ዝኽእሉ መሳኹቲ፣ ኤር ኮንዲሽነራትን፣ ናይ ኣየር መውጽኢ ወይ ካልእ ኣየር ናብ ውሽጢ ሒዞም ካብ ዝኣትዉ መስርዓት፣ ልክዕ በቲ ሕጊ ዝብሎ፣ ብውሑዱ 25 ፊት ክርሕቁ ይግባእ።

Swedish፣ ንስኻ ወይ ዝኾኑ ኣዕሩኽትኻ ወይ ቤተሰብካ ወይ በጻሕቲ ሽጋራ ምትካኽ ደው ኣብ ምባል ክሕግዞም ዝኽእል መደብ ይድግፍ እዩ። ብዛዕባ እዚ መደብ ሓበሬታ እንተደሊኻ፣ ናብ 1-800-QUIT-NOW ደውል።

## ናይ ኤሌክትሮኒክ መሳርሒ ኣጠቓቕማ

ኣብ ውሽጢ ሆስፒታል፣ ኣብ ውሽጢ ህንጻ ናይ ሴልፎን፣ ፔጀር ወይ ላፕቶፕ ኮምፒተር ናይ ምጥቃም ተኽእሎ ድሩት እዩ። ካብ ዝኾኑ ናይ ሕክምና መሳርሒ ብውሑዱ 10 ፊት ክርሕቕ ይግባእ። ነዞም መሳሪሕታት ንኽትጥቀመሎም እቲ ዝበለጸ ቦታ ናይ መተሓላለፊ ቦታታትን ናይ መጸበዪ ክፍልታትን እዮም።

## ምውዳቕ ንምክልኻል

ኣብቲ ሐኪም ቤት ኣብ ዘለኻሉ እዋን ወሉድካ ንምውዳቕ ዘለዎ ተኽእሎ ዝለዓለ ክኸውን ይኽእል ይኸውን። እዚ ኸኣ ብምኽያት ምስቲ ናቱ ወይ ናታ ከባቢ ብዘይ ምፍላጥ፣ መድሃኒታት፣ ዝተቓራረጸ ናይ ድቃስ መደባት ወይ ንኽትንቀሳቐስ ኣጸጋሚ ዝኾኑ ዝገብሩልካ ቱቦታት፣ ገመዳትን ማሺናትን ክኸውን ይኽእል። ምውዳቕ ኣብ ወሉድካ ሓድሽ ቁስልታት ወይ ኣብቲ ናይ ምሕዋይ መስርሑ ጉድኣት ክኾኑ ስለዝኽእሉ፣ ንክንከላኸሎም ዝከኣለና ኢና ንገብር። ነዞም ዝስዕቡ መጠንቀቕታት ብምስዓብ ክትሕግዝ ትኽእል ኢኻ፤

- ንወሉድካ ናብ ዓራቱ ንኽኣቱን ካብ ዓራቱን ንኽወርድ ሓግዞ
- ውሉድካ ክትስእ ከሎ ቀስ ኢሉ ንክንቀሳቐስ ሓግዞ
- ዉሉድካ ሸተት ዘየብሉ ጫማታት ከምዝገብር ግበር
- ዝፈሰሰ ነገር እንተ ርኢኻ ሪፖርት ገበር
- ናይ ለይቲ-መብራህቲ ተጠቐም
- ዉሉድካ ናብ ሽንቲ ቤትን ኣብቲ መተሓላለፊ ቦታ ክኸይድ ከሎ ናይ ኢድ መደገፊ ሕዙ ንክኸይን ኣተባብዓዮ
- ዝምልከቶ እንተኾይኑ፣ ከም መኽዲን ምርኩስን ዝኣመሰሉ ናይ ሆስፒታል መሳሪሕታት ንኽጥቀም ሓግዞ

## ናይ መራዳድኢ ሓገዝ

Swedish ናይ ቃል ምትርጓም፣ ናይ ጸማማት ቋንቋ ምትርጓም፣ ናይ መተሓጋገዚ መሳርሒታት፣ ንተሓከምቲ ዝኸውን ዝተተርጎመን ብዓቢ ፊደላት ዝተጻሕፉ ሰነዳት ብዘይ ዝኾነ ክፍሊት ኣብ ዝተሓተሉ እዋን ከቕርብ ይኽእል እዩ። ንስካ፣ ዉሉድካ፣ በጻሒኻ ወይ እቲ ናይ ተሓካሚ ተሓጋገዚ ሰብ ዝኾነ ናይ ምርኣይ፣ ናይ ምዝራብን/ወይ ምስማዕ ጸገም እንተሎካ፣ ወይ ቋንቋ እንግሊዝ ቀዳማይ ቋንቋኻ እንተዘይኮነ፣ እሞ ናይ ምርድዳእ ሓገዝ ዘድልየካ እንተኾይኑ፣ ብኽብረትካ ነዓና ኣፍልጠና።

## ናብ ገዛኻ-ዝውሰድ መድሃኒት ምኽፋል

ካብ Swedish ክወጽእ ከሎ፣ ሓኪምካ ሓደ ወይ ካብ ሓደ ንላዕሊ ናይ ዉሉድካ መድሃኒት ናብ ገዛኻ ሒዝካ ንኽትከይድ ክሓተካ ይኽእል እዩ። እዚ ዝስዕብ ሓበሬታ ነዞም ዝስዕቡ ኩነታት ኣቐዲምካ ንኽትዳሎ ክሕግዘካ እዩ፤

- ንዝኾነ ናይ መውጽኢ/ናብ ገዛኻ-እትወስዶ መድሃኒት(ታት) ዝኸውን ጥረ ገንዘብ ወይ ደቢት ወይ ክረዲት ካርድ ሒዝካ ምጻእ።
- ውሉድካ ክትወጽእ ከሎ ነቲ ብሓኪም ዝተኣዘዘሉ መድሃኒት ኣብ ናይ Swedish ካምፓሳትና (Cherry Hill፣ Edmonds፣ First Hill፣ Issaquah ፣ ወይ ናይ Orthopedic ኦርቶፔዲክ) ካብ ዝርከቡ ናይ ፋርማሲታት ኣብ ሓዲኤን ወይ ኣብ ናይ ደገ ፋርማሲ ከተምልኦ ክትመርጽ ትኽእል ኢኻ።
- ናብ ፋርማሲ ክትወስዶ እትኽእል ንዉሉድካ ዝኸውን ፊርማ ዝሰፈረሉ ናይ መድሃኒት ትእዛዝ ናይ ወረቐት ቅዳሕ ንሐኪም ወይ ነርስ ንክህቡኻ ሕተቶም። ኣብ ዝኾነ ዝመረጽካዮ ፋርማሲ፣ ናይ ወረቐት ቅዳሕ ኩሉ ግዜ ከተቕርብ ክትሕተት ኢኻ።
- ነቲ ንዉሉድካ ብሓኪም ዝተኣዘዘሉ መድሃኒት ከተምጽእ ክትከይድ ከለኻ፣ ንኽትከፍል ተዳሎ። እቲ ንስኻ እትከፍሎ ብጺሒትካ በቲ ዉሉድካ ዘለዎ ናይ መድሃኒት መሸፈኒ ናይ መድሕን ውሕስነት ዓይነት ዝውሰን እዩ(እዚ ኸኣ፣ ናይ ብሕቲ መድሕን፣ መዲከር (Medicare)፣ መዲከኤድ (Medicaid)፣ ከምኡ’ውን ናይ ስራሕን ኢንሱስትሪታትን (Labor and Industries) መመልከቲታት ዘጠቓልለ እዩ)። ዉሉድካ ናይ መድሃኒት መሸፈኒ መድሕን እንተለዎ፣ እቲ ጉቡእ ናይ ክፍሊት መግበሪ ሐበሬታ ከምዘሎና ንምርግጋጽ፣ መድሃኒት ክትወስድ ክትመጽ ከሎኻ ነቲ ናይ መድሃንቲ መድህን ካርድኻ ሒዝካ ምጻእ።

# 10 ካብ ሓደጋ ብዝሓሸ መከዲ ንምክልኻል ዘሕእሉ ናይ ክንክን ጥዕና ምኽሪታት

***ኣብ ክንክን ጥዕናኻ ንጡፍ ተሳታፊ ተሓባባሪ ንክትከውን እንታይ ክትገብር ይግብኣካ።***

*ጽቡቕ ክንክን ጥዕና ተግባራዊ ክኸውን ዝኽእል ኣብ መንጎኻን ኣብ ወሃብ ክንክን ጥዕናኻን ብዝግበር ምትሕብባር እዩ። ነቲ ዝበለጸ ክንክን ጥዕና ንምርካብ ምስ ወሃብ ኣገልግሎትካ ከመይ ጌርካ ክትሰርሕ ከምትኽእል ገለ-ገለ ምኽርታት እኒሄዉ።*

## 1. ኣብ ክንክን ጥዕናኻ ተሳተፍ።

- ንነፍሲ-ወከፍ ሓኪም ብዛዕባ እንታይ ዓይነት ክንክን ጥዕና ትረክብ ከምዝነበርካን መን ይህበካ ከም ዝነበረን ንገሮ።
- ቅድሚ ሕጂ ንስኻ ናይ ዝፈተንካዮም፣ ብሓኪም ዘይተኣዘዙ ሕክምናታት፣ ማለት ከም ናይ ሓበሻ መድሃኒታት፣ ኣብ ገዛ ባዕልኻ እትፍትኖ መድሃኒታት ወይ ኦኩፓንቸርን (acupuncture) ዝኣመሰሉ እንተሎ ኣፍልጦም።
- ብዛዕባ ክህልዉኻ ዝኽእሉ መንፈሳዊ ወይ ባህላዊ ጠለባት ንሓኪምካ ኣፍልጦ።
- ናይ ክንክን ጥዕና መምርሕታት ከምዝተረዳእካዮም ርግጸኛ ንኽትከውን ንኣባል ስድራ ቤትካ ወይ ዓርክኻ ድገመሉ።
- ብዛዕባ ዝኾነ ክፋል ናይቲ ክንክን ርግጸኛ እንተዘይኮይንካ፣ ነቲ ሓኪምካ ኣፍልጦ። ዝኾነ ነገር ንደህንነት የስግእ እዩ ኢልካ ትሓስብ እንተኾይንካ፣ ነቶም ወሃብቲ ኣገልግሎት ብቕልጡፍ ኣፍልጦም።

## 2. ሕቶታት ሕተት፣ ሕቶታት ሕተት፣ ሕቶታጥ ሕተት።

- ወሃቢ ኣገልግሎት ክትመርጽ ከለኻ፣ ብዛዕባ ክንክን ጥዕናኻ ንኽተዛርቦ ፍኩስ ዝብለካ ምረጽ።
- ናይ ሓደ ዝኾነ መርመራ ውጽኢት መዓስን ብከመይ ኣገባብ ክትረክብ ከምትኽእል ንወሃብ ኣገልግሎትካ ሕተቶ። ነቲ ውጽኢት ምስ ረኸብካ፣ እቲ ውጽኢት ነዓኻ እንታይ ትርጉም ከምዘለዎ ፍለጥ።
- ንዘለዉኻ ናይ ሕክምና ኣማራጽታት፣ ዝኾኑ ናይ ሕክምና ኣሉታዊ ሳዕቤናትን እቲ ሕክምና ከመይ ከምዝሕግዘካ ንወሃብ ኣገልግሎትካ ሕተቶ።
- እንታይ ዓይነት ሕክምና ክትመርጽ ከምዘለካ ርግጸኛ እንተዘይኮይንካ፣ ካልኣይ ርእይቶ ንክውሃበካ ሕተት።
- ንኽትሓዊ ክሕግዘካ ዝኽእል እንታይ ለውጥታት ክትገብር ከምዘለካ ተመሃር።

### *ተወሳኺ ምኽርታት፤*

- ነዚ ኣቐዲሙ ዝግበር መምርሒ (Advance Directives) መሊእካ ብምጽናሕ፣ ብዛዕባ ክንክን ጥዕናኻ ኣቐዲምካ ውሳነታት ኣመሓላልፍ፤
  - ንስኻ ምዝራብ እንተሳኢንካ ኣብ ክንዳኻ ኮይኑ ክዛረብ ዝኽእል ሰብ ንምምራጽ ዘኽእለካ ናይ ውክልና ስልጣን (Power of Attorney) ቅጺ።
  - ብህይወት ንኽትጸንሕ ሕክምና ክህበካ መዓስ ከምዘለዎን፣ ክህበካ ዝግብኦ እንተኾይኑ፣ ነቲ ወሃብ ኣገልግሎትካ ከፍልጦ ዝኽእል፣ ናይ ክንክን ጥዕና መምርሒ (Health Care Directive) ቅጺ ወይ ናይ ኑዛዜ ደብዳቤ (Living Will)።
- ብዛዕባ ኣቐዲምካ ዝግበሩ መምርሒታት ተወሳኺ ሓገዝ ንምርካብ፣ ሕተት፤
  - ወሃብ ኣገልግሎትካ
  - ቅድሚ ምእታውካ ኣብ ዝግበር ናይ ክሊኒክ ቆጸራኻ እዋን ዘላ ነርስ

## 3. ናይ ክንክን መሻርኽትኻ ንክኸውን ንሓደ ኣባል ስድራ ቤትካ ወይ ዓርክኻ ኣምጽእ።

- ኣብ ክንዳኻ ኮይኑ ክዛረበልካ ዝኽእልን ነገራት ክፈጽመልካ ዝኽእል ሰብ ምረጽ።
- ነቲ ናይ ክንክን መሻርኽትኻ ናይ ሕክምና መዝገባት ኣብ ገዛ ኣበይ ክትረኽቦ ከምዝኽእል ኣርእዮ። እንታይ መድሃኒታት ከምትወስድን ኣበይ ክርከቡ ከምዝኽእሉ ንገሮም።
- እቲ ናይ ክንክን መሻርኽትኻ፣ ኣብ እዋን መርመራታት፣ ሕክምናታትን ናይ ሆስፒታል ምጽናሓት ምሳኻ ንኽጸንሕ መደብ ኣውጽእ።
- ናይ ክንክን መሻርኽትኻ ሕቶታት ንኽሓትትን መዘከሪ ነጥብታት ክጽሕፍን ደሓን እዩ።

## 4. ነፍሲ-ወከፍ ወሃብ ኣገልግሎት ቅጽሚ ነዓኻ ምሕካምም መን ምዃንካ ከምዝፈልጡኻ ግበር።

- ወሃብ ኣገልግሎት ኣብ ነፍሲ-ወከፍ እዋን ነዓኻ ክካናኸኑ ከመጹ ከለዉ፣ ክልተ ዓይነት ናይ መለለዩ ቅጺ ንክሓቱ ሕተቶም።
- ኣብ ኢድካ ዝእሰር ወረቐት እንተ ተገይሩልካ፣ እቲ ወረቐት ሽምካ ከምዘለዎን፣ ሽምካ ከኣ ልክዕ ተጻሒፉ ከምዘሎ ኣረጋግጽ።
- ከምኡ'ውን ንኹሎም ሕክምና ዝህቡኻ ወሃብቲ ኣገልግሎት፣ ስሞም ዝተጻሕፎ ባጅ ከምዘለዎም ተመልከት።

## 5. ናይ እትወስዶም መድሃኒታት ዝርዝር ነቲ ሓኪምካ ኣርእዮ።

- ኣብቲ ዝርዝር ንዘሎ ኩሉ መድሃኒታት፣ ቪታሚናትን፣ ናይ ሓበሻ መድሃኒታትን ኩሉ ኣእቱ።
- ኣብ ነፍሲ-ወከፍ እትገብሮ ምብጻሓት ነቲ ዝርዝር ሒዝካዮ ምጻእ።
- ወሃብ ኣገልግሎትካ ብዛዕባ ዘሎካ ኣለርጂታት ኣፍልጦ።
- ንዝኾነ መድሃኒት ኣሉታዊ ሳዕቤን ኣጋጢሙካ ኔሩ እንተኾይኑ ንወሃብ ኣገልግሎካ ኣፍልጦ።

## 6. ብዛዕባ መድሃኒታትካ ኣፍልጦ ይሃሉኻ።

- እቲ ሓድሽ መድሃኒት ንምንታይ ከምዝኾነን ከመይ ገይሩ ከምዝሕግዘካ ንሓኪምካ ሕተቶ።
- ነቲ ብራንድ ኔይም ናይቲ መድሃኒትን እቲ መድሃኒት ዘለዉዎ ካልኦት ኣስማት ኣብ ወረቐት ንክጽሕፉልካ ሕተቶም።
- ነቲ መድሃኒት ከመይ ክትወስዶ ከምዘለካን ንኽንደይ እዋን ክትወስዶ ከምዘለካ ሕተት።
- ነቲ መድሃኒት ክትወስድ ከለኻ እንታይ ንኸየጋጥም ክትሕልው ከምዘሎካ ዝሕብር ብጽሑፍ ዝተዳለወ ወረቐት እቲ ፋርማሲስትኻ ንክህበካ ሕተቶ።

## 7. ረኽሲ ንምክልኻል።

- ካብ ኣልኮል ዝተሰርሐ ናይ ኣልኮላዊ ጀል ምህርቲ ተጠቐም ወይ ከኣ የእዳውካ ተሓጸብ። ካብ ሕማም ንምክልኻል፣ ኢድ ብጽርየት ምሓዝ እቲ ንስኻ ክትገብሮ እትኽእል ሓደ ኣዝዩ ኣገዳሲ ነገር እዩ።
- ነዓኻ ንክከናኸን ንዝመጽእ ዝኾነ ሰብ፣ “ናይ ኣልኮላዊ ናይ ኢድ ጀል ተጠቒምካ ወይ ኢድካ ተሓጺብካ ዶ ?” ኢልካ ሕተቶ።
- ስድራ ቤትን የዕሩኽትኻን ዝኾነ ሰዓል፣ ጉንፋዕ ወይ እሑእታ እንተሒዙዎም ንኸይበጽሑኻ ንገሮም።

## 8. ንሕክምናን መጥባሕትታትን ተዳሎ።

- ቅድሚ ሕክምናኻ ወይ መጥባሕትኻ፣ ኣየኖት መድሃኒታት ከምትወስድ ወይ ከምዘይትወስድ፣ እንታይ ክትበልዕ ወይ ክትሰቲ ከምዘሎካን ከምዘይብልካን፣ እንታይ ክትገብርን ከምዘሎካን ከምዘይብልካን ፍለጥ።
- ኣብ ኣዋን እቲ ሕክምና ወይ መጥባሕቲ እንታይ ክግበር ከምዘለዎ ንስኻን እቲ ወሃብ ኣገልግሎትካን ሙሉእ-ብ-ሙሉእ ከምዝተራዳዳእኩም ኣረጋግጽ።
- እቲ መጥባሕቲ ዝግበረሉ ናይ ሰውነትካ ክፍሊ ኣበይ ከም ዝኾነ ኣብ ምርካብ ነቲ ሓኪምካ ሓግዞ።
- እቲ መጥባሕከቲ ዝግበረሉ ኣካል ናይ ክፍልኻ ጥራሕ ምልክት ከም ዝተገብረሉ ኣረጋግጽ። ካልኦት ቦታታት ከኣ ምልክት እንተ ተገይሩሎም ከደናግር ይኽእል እዩ።

## 9. ኣብ ገዛኻ ንነፍስኻ ምእንቲ ክትኸናኸን እንታይ ክትገብር ከምዘለካ ነቲ ሓኪምካ ሕተቶ።

- ነቲ መደበኛ ተግባርካ መዓስ ዳግማይ ክትጅምር ከምትኽእል ፍለጥ።
- ሕቶ እንተሎካ ናይ እትድውለሉ ሰብ ቁጽሪ ሓዝ።
- እቲ ዝቕጽል ቆጸራኻ መዓስን ኣበይን ከምዝኾነ ፍለጥ።
- ሓደ ኣባል ስድራ ቤት ወይ ዓርኪ ነቲ መምርሒታት ከምዝሰምዖ ግበር።

## 10. ብዛዕባ ክንክን ጥዕናኻን ሕክምናኻን ተመሃር።

- ብዛዕባ ክንክን ጥዕናኻን ሕክምናኻን ዝከኣለካ ሓበሬታ ክትረክብ ፈትን።
- ነቲ ኣብ መርበብ ኢንተርኔት ዝርከብ ቤተ መጻሕፍቲ ኣብ www.swedish.org/healthlibrary ብምኻድ ተመልከት። እዚ ኣብ መርበብ ኢንተርኔት ዝርከብ ቤተ መጻሕፍቲ ናይ ኣሰራርሓን ብዛዕባ መጥባሕቲ ጭቡጥ ሓቅታትን ብዙሓት ኩነታትን፣ መድሃኒታትን ናይ ሕኽምና ኣማራጽታትን ዝሓዘ ሃብታም ምንጪ እዩ።

**ምሕታት ይክኣል እዩ**

ብዛዕባ ዝኾነ ክፍሊ ናይ ክንክንካ ሕቶታት እንተሎካ ምሕታት ይክኣል እዩ።

# FAQs

(ብተደጋጋሚ ዝሕተቱ ሕቶታት)

ብዛዕባ

## “ኣብ መጥባሕቲ ዝግበረሉ ቦታታት ከጋጥም ዝኽእል ረኽሲ”

*ኣብ መጥባሕቲ ዝግበረሉ ቦታ ዘጋጥም ረኽሲ (SSI) እንታይ እዩ?*

ኣብ መጥባሕቲ ዝግበረሉ ቦታ ዘጋጥም ረኽሲ ዘጋጥም መጥባሕቲ ድሕሪ ምግባር ኣብቲ መጥባሕቲ ዝተገብረሉ ናይ ኣካል ክፍሊ ዘጋጥም ረኽሲ እዩ። ዝበዝሑ መጥባሕቲ ዝገብሩ ተሓከምቲ ረኽሲ አየጋጥሞምን እዩ። እንተኾነ ግን፣ ካብ መጥባሕቲ ዝገብሩ 100 ተሓከምቲ፣ ካብ 3 ን 1 ሰብ ረኽሲ የጋጥሞ እዩ።

ኣብቲ ናይ መጥባሕቲ ቦታ ናይ ዘጋጥሙ ረኽስታት ብተደጋጋሚ ዝርኣዩ ምልክታት እዞም ዝስዕቡ እዮም፤

- መጥባሕቲ ኣብ ዝገብረካሉ ቦታ ዙርያ ምቕያሕን ቃንዛን
- ካብቲ መጥባሕቲ ዝገበርካሉ ቁስሊ ሙግሊ ምፍሳስ ምጅማር
- ረስኒ

*ኣብ መጥባሕቲ ዝግበረሉ ቦታ ዘጋጥም ረኽሲ ክሕከም ይኽእል ድዩ?*

እወ። ዝበዝሑ ኣብ መጥባሕቲ ዝተገብረሉ ቦታ ዘጓንፉ ረኽስታት ብኣንቲባዮቲክ ከምዝሓውዩ ክግብረ ይክኣል እዩ። እቲ ነዓኻ ዝውሃብ ናይ ኣንቲባዮቲክ ዓይነት ብመሰረት እቲ ነቲ ረኽሲ ዘስዓበ ባክቴርያ (ጀርም) ክፈላለ ይኽእል እዩ። ሓንሳብ-ሓንሳብ ከኣ ኣብ መጥባሕቲ ዝግበረሉ ቦታ ረኽሲ ዘጋጠሞም ተሓከምቲ ነቲ ረኽሲ ንምሕዋይ ካላኣይ መጥባሕቲ ከድልዮም እዩ።

*ኣብ መጥባሕቲ ዝግበረሉ ቦታ ዘጋጥም ረኽሲ ንምክልኻል ሆስፒታላት እንታይ ዝገብራኦ ነገራት ኣሎ?*

ኣብ መጥባሕቲ ዝግበረሉ ቦታ ንዘጋጥም ረኽሲ ንምክልኻል፣ ሓካይም፣ ነርስታትን ካላኦት ወሃብቲ ኣገልግሎት፤

- ነእዳዎምን ቅልጽሞምን ክሳዕ ኩርናዕ ኢዶም ዘሎ ብናይ ባክተሪያ መቕተሊ ሳሙና ቅድሚ መስርሕ ናይ መጥባሕቲ ምጅማሩ ይሕጸቡ።
- ቅድሚን ድሕሪ ንነፍሲ-ወከፍ ሕሙም ክንክን ምሃቦም ነእዳዎም ብሳሙናን ማይን ወይ ከኣ ካብ ኣልኮል ብዝተሰርሐ መወልወሊ ነእዳዎም የጽርዩ።
- ኣብቲ መጥባሕቲ ዝግበሮ ከባቢ ጸጉሪ እንተሎ፣ ብኤሌክትሪክ ብዝሰርሕ መቐምቀሚ ገይሮም ንገለ-ገለ ክፍሊ ናይቲ ጸጉሪ ቀቅድሚ እቲ መጥባሕቲ ምጅማሩ ምልጻይ። ብላማ ገይሮም ክላጽዩኻ የብሎምን።
- ነቲ መጥባሕቲ ዝግበረሉ ከባቢ ጹሩይ ኮይኑ ምእንቲ ክጸንሕ፣ ኣብ እዋን መጥባሕቲ ዝግበረሉ እዋናት ናይ ጸጉሪ መሸፈኒታት፣ ማስክ፣ ጋውንን ጓንቲን ይገብሩ።
- ቅድሚ እቲ መጥባሕቲ ምጅማሩ ኣንቲባዮቲክስ ክህቡኻ እዮም። ኣብ መብዝሕትኡ እዋናት፣ መጥባሕቲ ቅድሚ ምጅማሩ ቅድሚ 60 ደቓይቕ ኣንቲባዮቲክ ክውሃበካ ይግባእ፣ መጥባሕቲ ድሕሪ ምግባሩ ኸአ ኣብ ውሽጢ 24 ሰዓት ደው ክብል ይግባእ።
- ኣብቲ ከባቢ ናይቲ መጥባሕቲ ንዝርከብ ቆርበት ጀርም ክቐትል ብዝኽእል ፋሉይ ሳሙና ኣጽርዮ።

*ነቲ ኣብ መጥባሕቲ ዝግበረሉ ቦታ ንዘጋጥም ረኽሲ ንምክልኻል እንታይ ክገብር ይኽእል?*

***ቅድሚ ንስኻ እትገብሮ መጥባሕቲ ምጅማሩ፤***

- ክህልዉኻ ብዛዕባ ዝኽእሉ ካልእ ናይ ሕኽምና ጸገማት ንሓኪምካ ሓብሮ። ከም ኣለርጂታት፣ ሕማም ሽኮርን ርጉዲን ዝኣመሰሉ ናይ ጥዕና ጸገማት ንውጽኢት ናይ መጥባሕትኻን ሕክምናኻን ክጸልዉዎ ይኽእሉ እዮም።
- ሽጋራ ምትካኽ ደው ኣብል። ሽጋራ ዘትክኹ ሕሙማት ተወሳኺ ረኽሲ የጋጥሞም እዩ። ቅድሚ መጥባሕቲ ምጅማርካ ከመይ ጌርካ ምትካኽ ደው ከምተብል ምስ ሓኪምካ ተመያየጥ።
- ኣብቲ ከባቢ መጥባሕቲ እትግበረሉ ቦታ ኣይትላጸ። ብላማ ጌርካ ምልጻይ ነቲ ቆርበትካ ከቖጥዕ ስለዝኽእል፣ ረኽሲ ብቐሊሉ ንኽምዕብል የኽእሎ እዩ።

***ኣብ መጥባሕቲ እትገብረሉ እዋን፤***

- ቅድሚ እቲ መጥባሕቲ ምጅማሩ ሐደ ሰብ ብላማ ክላጽየካ ፈቲኑ እንተኔሩ ተዛረብ። ስለምታይ ክትላጸ ከምዘለካ ሕተት፣ ዝኾነ ሕቶ እንተሎካ ኸኣ ምስቲ መጥባሕቲ ዝገብረልካ ሓኪም ተዘራረብ።
- ቅድሚ እቲ መጥባሕቲ ምጅማሩ ኣንቲባዮቲክ ዝውሃበካ እንተኾይኑ ሕተት።

***ድሕሪ መጥባሕቲ ምፍጻሙ፤***

- እቶም ወሃብቲ ሕክምናኻ ነዓኻ ቅጽሚ ምምርማር ምጅማሮም፣ ብሳሙናን ማይን ወይ ከኣ ካብ ኣልኮል ብዝተሰርሐ ናይ ኢድ መወልወሊ ኢዶም ከምዘጽረዩ ኣረጋግጽ።

**እቶም ወሃብቲ ኣገልግሎት የእዳዎም ከጽርዩ እንተዘይሪኢኻዮም፣ ንኽህጸቡ ሕተቶም።**

- ንዓኻ ከበጽሑኻ ዝመጹ ቤተሰብን የዕሩኽን ነቲ ናይ መጥባሕቲ ቁስልኻ ወይ ዝተሸፈነሉ ፋሻ ክትንክፉ የብሎምን።
- ቤተሰብን የዕሩኽትን ነዓኻ ቅድሚ ምብጽሖም ኮነ ነዓኻ ድሕሪ ምብጽሖም ነእዳዎም ብሳሙንና ማይን ወይ ካብ ኣልኮል ብተሰርሐ ናይ ኢድ መወልወሊ ክሕጸቡ ይግባእ። ነእዳዎም ክህጸቡ እንተ ዘይሪኢኻዮም ንኽሕጸቡ ሕተቶም።

*ካብ ሆስፒታል ናብ ገዛይ ምስከድኩ እንታይ ክገብር ይግባኣ?*

- ቅድሚ ናብ ገዛኻ ምኻድካ፣ ሐኪምካ ወይ ነርስኻ ብዛዕባ ንቑስልኻ ምክንኻን ክትፈልጦ ዘድልየካ ኹሉ ክገልጹልካ ይግባእ። ቅድሚ ካብቲ ሆስፒታል ምውጻእካ፣ ንቑስልኻ ከመይ ጌርካ ክትካናኸን ከምእትኽእል ተረዲኡካ ውጻእ።
- ንቑስልኻ ቅድሚ ምክንኻንካን ድሕሪ ምክንኻንካን ኩሉሳዕ ኢድካ ተሓጸብ።
- ቅድሚ ገዛኻ ምኻድካ፣ ገዛኻ ድሕሪ ምኻድካ ሕቶታት እንተኣለካ ወይ ጸገም እንተጓኒፉካ ምስ መን ክትራኸብ ከም እትኽእል ፈሊጥካ ኪድ።
- ኣብቲ ከባቢ መጥባሕቲ ዝገበርካሉ ቦታ ረኽሲ ከምዘጋጠመ ዝሕብሩ ምልክታት፣ ማለት ከም ምቕያሕን ቃንዛን፣ ፈሳሲ ምርኣይ ወይ ረስኒ እንተ ርኢኻ ብቑልጡፍ ንሓኪምካ ደውለሉ።

ዝኾነ ተወሳኺ ሕቶ እንተሎካ ንሓኪምካ ወይ ነርስኻ ሕተት።

ብሓባር- ዝመወለ ብ፤

SHEA The Society for Healthcare Epidemiology of America
IDSA Infectious Diseases Society of America
American Hospital Association
APIC Spreading knowledge. Preventing infection.
CDC Centers for Disease Control and Prevention
The Joint Commission

397273-TIGRIGNA (12/13)

# ምልክታታት

# ምልክታታት

# መኸዲ ሓበሬታታትን ፓርኪንግን

## Cherry Hill

500 17th Ave.
Seattle, WA 98122

**ካብ ደቡብ፤** ን James Street መውጽኢ (164) ናይ I-5 ሰሜናዊ-ወሰን ውሰዱ። ኣብ James Street ንየማን (ምብራቕ) ተጠወዩ። James ናብ Cherry Street ክቕየር እዩ። ኣብ 18th Avenue ንየማን (ደቡብ) ተጠወዩ። ኣብ Jefferson (ምዕራብ) የማን ተጠወ። ኣብቲ ዋና መእተዊ (ሰሜን) የማን ተጠወ።

**ካብ ሰሜን፤** ን James Street መውጽኢ (165A) ናይ I-5 ደቡባዊ-ወሰን ውሰዱ። ኣብ James Street ንጸጋም (ምብራቕ) ተጠወዩ። James ናብ Cherry Street ክቕየር እዩ። ኣብ 18th Avenue ንየማን (ደቡብ) ተጠወዩ። ኣብ Jefferson (ምዕራብ) የማን ተጠወ። ኣብቲ ዋና መእተዊ (ሰሜን) የማን ተጠወ።

### ፓርኪንግ

ናይ ሓጺር-ኣዋን ፓርኪንግ ኣብ Plaza Garage ኣሎ። ካብቲ ዋና መንገዲ እቶ። ናይ ነዊሕ-እዋን ፓርኪንግ ኣብ 16th Avenue Garage፣ ኣብ 16th Avenue ኣሎ። ካብቲ ናይቲ ሆስፒታል ዋና መእተዊ፣ ኣብ Jefferson (ምዕራብ) ንየማን ተጠወ። ኣብ 16th (ሰሜን) ንየማን ተጠወ። ናይቲ ጋራዥ መእተዊ ሓደ ብሎኮ ልዕል ኢልካ ኣብ ጸጋም እዩ። ናይ ቫሌ ፓርኪንግ ኣብቲ ዋና መእተዊ ኣሎ።

### ቅድመ-ምእታውን መጥባሕቲን

ናይ ቅድመ-ምእታውን መጥባሕትን መመዝገቢ ኣብቲ ዋና ሎቢ ኣብ ዝርከብ ናይ መመዝገቢ ባንኮ እዩ ዝርከብ።

## First Hill

**ቀንዲ ሆስፒታል**
747 Broadway
Seattle, WA 98122

**ናይ Orthopedic (እግሪ ሕክምና) ኢንስቲቱት**
601 Broadway
Seattle, WA 98122

**ካብ ሰሜን፤** ን James Street መውጽኢ (ቁ. 165A)፡ ናይ I-5 ሰሜን-ወሰን ውሰዱ። ኣብ James Street ን ጸጋም (ምብራቕ) ተጠወዩ።

**ካብ ደቡብ፤** ን James Street መውጽኢ (ቁ. 164A) ናይ I-5 ሰሜናዊ-ወሰን ውሰዱ። ኣብ James Street ንየማን (ምብራቕ) ተጠወዩ።

ንመራኸቢ James ን Broadway ን ንምብጻሕ ንሽዱሽ ተርታታትተጓዓዙ። ኣብ Broadway ን ጸጋም (ሰሜን) ተጠወዩ። ናብቲ ቀንዲ ሆስፒታል መእተዊ ኣብ Broadway፣ 1.5 ብሎኮታት ንጸጋም እዩ ዝርከብ። ናይ Swedish Orthopedic Institute መእተዊ፣ ኣብ Cherry Street ፣ ሓደ ብሎኮ ንጸጋም እዩ።

### ፓርኪንግ


ነቲ ቀንዲ ሆስፒታል፣ ኣብቲ ናይ ቅድሚት መእተዊ ከቢብ ኣደባባይ ጸጋም ተጠወይ እሞ፣ ናብቲ ጋራዥ ዝርአዩ ምልክታት ተኸቲልካ ኪድ። ን Orthopedic Institute፣ ኣብ Cherry Street ጸጋም ተጠወ፣ ናይቲ ጋራዥ መእተዊ ኣብ ጸጋም እዩ።


### ቅድሚ-ምእታውካ

ናይ ቅድሚ-ምእታውካ እትምዝገበሉ (ዋናን ኦርቶፔዲክን) ኣብቲ ዋና ሆስፒታል፣ ኣብቲ ናይ መመዝገቢ ባንኮ፣ ኣብቲ ቀዳማይ ደርቢ ዝርከብ ሎቢ እዩ ዝርከብ።


### መጥባሕቲ

ኣብቲ ቀንዲ ሆስፒታል ንመጥባሕቲ እትምዝገበሉ መእተዊ ኣብ ቀዳማይ ደርቢ ኣብ ዝርከብ ናይ መመዝገቢ ባንኮ እዩ ዝርከብ። ኣብ Orthopedic Institute ንመጥባሕቲ እትምዝገበሉ መእተዊ ኣብ Orthopedic Institute ካልኣይ ደርቢ ናይ እዩ ዝርከብ።




CHERRY HILL ካምፓስ




FIRST HILL ካምፓስ

## Ballard

5300 Tallman Ave. NW
Seattle, WA 98107

**ካብ ሰሜን፤** ን 85th (ቁ.172) መውጽኢ ናይ I-5 ደቡባዊ-ወሰን ውሰዱ። ኣብ 85th ንየማን (ምዕራብ) ተጠወዩ። ን 85th ን 15th ን Avenue NW መራኸቢ ንምብጻሕ 30 ተርታታት ተጓዓዙ። ኣብ 15th Avenue NW ንጸጋም (ደቡብ) ተጠወዩ። ን 15th ን Market Street ን መራኸቢ ንምብጻሕ 16 ተርታታት ተጓዓዙ። ኣብ Market ንየማን (ምዕራብ) ተጠወዩ። ሰለስተ ብሎኮ ተጉዓዝ እሞ ናብ Tallman Avenue NW ጸጋም(ደቡብ) ተጠወ። ኣብቲ መእተዊ ናይ መቐመጢ መካይን ንየማን ተጠወዩ።

**ካብ ደቡብ፤** ን 45th Street መውጽኢ(ቁ.169) ናይ I-5 ሰሜናዊ-ወሰን ውሰዱ። ኣብ 45th Street ንጸጋም (ምዕራብ) ተጠወዩ። መዘኻኸሪ፤ 45th Street 46th Street ይኸውን ደሓር ከኣ Market Street ይኸውን። መራኸቢ Market ን 15th Avenue NW ን ንምብጻሕ፡ ኣብ Market ን ምዕራብ 17 ተርታታትተጓዓዙ። 15th ተሳገር። ሰለስተ ብሎኮታት ተጉዓዝ እሞ ናብ Tallman Avenue NW የማን (ደቡብ) ተጠወ። ኣብቲ መእተዊ ናይ መቐመጢ መካይን ንየማን ተጠወዩ።

### ቅድመ-ምእታውን መትባሕቲን

ንቅድመ-ምእታውን መጥባሕቲን ምዝገባ ኣብ ሳልሳይ ደርቢ ናይቲ ሆስፒታል፣ ኣብ ደቡብ ክንፊ እዩ።

## Issaquah

751 NE Blakely Drive
Issaquah, WA 98029

**ካብ ምብራቅ ወይ ምዕራብ፤** ኣብ I-90 ናብ ምብራቕ ወይ ምዕራብ ንኽትጉዓዝ፣ ንኤግዚት 18 ናብ E. Sunset Way/Highlands Drive ውጻእ።

- ***ናብ ምብራቕ ትጉዓዝ እንተለኻ፣*** ኣብቲ ፋርኪታ ዝመስል መገዲ ጸጋም ሒዝካ ጽናሕ እሞ ናብ Highlands Drive NE ተጸምበር።
- ***ናብ ምዕራብ ትጉዓዝ እንተለኻ፣*** ናብ Highlands Drive NE/ E. Sunset Way የማን (ሰሜን) ተጠወ፣ ን Highlands Drive NE ሒዝካ ኸኣ ቀጽል።

ናብ NE Discovery Drive ኣብ ትጠዊ ቀዳመይቲ ናይ ተራፊክ ልቺ ጸጋም (ምዕራብ) ተጠወ (492 ፊት)። ኣብታ ትቕጽል ዘላ ናይ ትራፊክ ልቺ፣ ናብ Eighth Avenue NE ጸጋም (ደቡብ) ተጠወ (0.2 ፊት) ። ናብ Eighth Avenue ትኽ ኢልካ ክሳዕ ናብ Swedish Issaquah ዋና መእተዊ ተጠዊኻ እትበጽሕ ተጉዓዝ። ናብቲ ናይ ትሕቲ መሬት ፓርኪንግ ጋራዥ ንምእታው ሽው-ን-ሽው የማን ተጠወ። ፓርኪንግ ኣብቲ ናይ ልዕሊ መሬት ዝርከብ ደርቢ ኸኣ ኣሎ።


### ቅድሚ-ምእታውካ

ንቅድመ-ምእታው እትምዝገበሉ ቦታ ኣብ ሳልሳይ ደርቢ እዩ ዝርከብ።

### መጥባሕቲ

እቲ መጥባሕቲ ኣብቲ ቀዳማይ ደርቢ እንተኾይኑ ኣረጋግጽ።



BALLARD ካምፓስ



ISSAQUAH ካምፓስ

SWEDISH
PEDIATRICS

www.swedish.org

© 2015 SWEDISH HEALTH SERVICES (SWEDISH ሕክምና ኣገልግሎታት)። ኩሉ መሰላት ዝተሓለወ እዩ።